# ጾመ ኣርብዓ/ዓብዪ ጾም/ሁዳዴ/ተቀነዩ

# ሰለስተ ኣርእስተ ሓጥያት

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!!

ኣብዚ ዓብዪ ጾም ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝጸሞሉ ጾም ሰለስተ መሰረታዊ ሓጥያት ብኸመይ ከምእንስዕሮም ብግብሪ ኣርኢዩና፡ ኣብዚ ብ ድኹም ዓቕሚ እንጽሕፎ ንሰለስቲኦን ኣርእስታት ክንድህስሰን

**1ይ-ስስዐ**- ”ሰብ ብቓል ኣምላኽ እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን'ዩ” ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብ 11 ጥቅምቲ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ምስተጠምቀ ን ገዳም ቆረንጦስ ደይቡ ን ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ምስ ጾመ ጠመየ፡፡እቲ ፈታኒ ኸኣ መጺኡ ወዲኣምላኽ እንተ ኩይንካ እዚ እምኒ እንጌራ ይኹን በል! በሎ፡ ጎይታ ኸኣ ”ሰብ ብቓል ኣምላኽ እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን'ዩ” ኢሉ መለሰ!!

ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዲያብሎስ ዝፍተን ኣይኮነን ንዓና ከምህረና ብዝኸእል መገዲ ንኸገልጸልና እምበር፡ ጎይታና ስጋ ለቢሱ ከም ሰብ ቆጺርና ጠምዩ እንተ ንብል ኮይና ከምዚ ከማና ሰብሲ ክሳብ ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ኣይምስጸንሐን! ኣብ እንሽገረሉ ግዜ ዲያብሎስ ንኽፍትነናን ከስሕተናን ከምዝቐርበና ንኸረድኣና ገበሮ! ኩላትና ኸኣ ነብስና ንመርምራ፡ በፍላይ ክኣ እዞም ኣብ ወጻኢ ሃገራት እንነብር እንታይ እዩ ገጢሙና፤ ገና ካብ ካምፕ ወይ ዝዓረፍናሎም ኣሕዋት ቤተሰብ ከይወጻእና **መናፍቓን፡ ፖለቲከኛ፡ አፍቀርቲ ዝኣመሰሉ** ዝገጠመና ኩሉ ኣብ ግዜ ጸገምና'ዩ መስቀል ኣሲሮም ወጺኦም ማዕተቦም ዝበጠሱ ውሑዳት ኣይኮኑን! ጠቒስካ ዝውዳእ ኣይኮነን ኩሉ ግን ኣብ ግዜ ሽግሮም እዮም ዝርከቡ ተባሂሉ'ዩ ብሰይጣናዊ መገዲ ተኻይዱን ዝካየድ ዘሎን። ጎይታና ግን ”ሰብ ብቓል ኣምላኽ እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን'ዩ” ኢሉ ሰብ ብቓል ኣምላኽ ክነብር ከም ዝኽእል ኣመልኪትልና ሊቀ ነቢያት ሙሴ ኣብ እምባ ሲና ጽላት ኪዳን ንኽቕበል ኣርብዓ መ ዓልትን ለይትን ከም ዝጸመ ከምኡ ኸኣ ኣብዚ ግዜ እዚ ንዕኡ ዝመስሉ ቅዱሳት ኣቦታት ብቓል ኣምላኽ ዝነብሩ ከምዘለዉና ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ከምዘይነብር ኣርጊጽና ንኽንፈልጥ ዝተገብረ'ዩ!

ንሕናኸ፡ ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ብእንጌራ ጥራይ ዲና ንነብር ወላስ እንተላይ ብቓል ኣምላኽ፡ እንተላይ ብቓል ኣምላኽ ክንብል ግድን'ዩ! ብቓል ኣምላኽ ምንባር ማለት ግን ከመይ'ዩ፡ ቃል ኣምላኽ እኮ ትእዛዛቱ ምሕላው'ዩ፤ ጾም ካብ መግቢ እንኽልከልኮ ቀዳማይ ሓጥያት ብምብላዕ ስለዝመጸ'ዩ! ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 2፤17 ንኣዳም ”ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ አዘዞ።” ብመገዲ ኣዴና ሄዋን ምስበልዑ ግን ሞት መጸ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክኣ ”ስጋይ ምስ እትበልዑ ደመይ ውን ምስ እትሰትዩ ናይዘልኣለም ሂወት ኣለኩም...” ተባሂሉና ደቂ ሰብ ግን ከይትበልዕ እንተበልካዮ ምብላዕ! ብላዕ እንተበልካዮ ዘይምብላዕ! በንጻር'ዩ ዝኳዓዝ። ንሕና ኸ ብቓል ኣምላኽ እንተላይ ንነብር እንተ ኾይና ካብቲ ብሂወት ንክትነብሩ ብልዕዎ ስተይዎ ዝበለና ጎይታና ንቕበሎዶ፡ ኦረቶዶክሳዊ ጎይታ ምቕባል እኮ ስጋኡን ደሙን ተቐቢልካ ብግብሪ ምምስካር'ዩ!! ምስተቐበልካ ኸ መንፈሳዊ ዲኻ ፖለቲካዊ፡ ”እቲ ምስ ክርስቶስ ኣለኹ ዝብል ከምቲ

ክርስቶስ ዝነበሮ ክነብር ይግብኦ" ይብለና ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ፡ ካብቲ ቀንዲ ንዓለምና ሰላም ከሊኡ ዘሎ ቃል'ዩ!! ስለዚ ከምቲ ጎይታናን መድሓኒናን ዝደልዮ ብ ቃል ኣምላኽ ንንበር!!

**2-ትዕቢት፦** እቲ ፈታኒ (ዲያብሎስ) ንጎይታናን መድሓኒናን ኣብ በረኻ ምስርሑዮ ብመግቢ ፈተኖ ጎይታና ሰብ ብቓል ኣምላኽ 'ዩ ዝነብር ምስበሎ እምብኣር እዝስ ይፈልጥ 'ዩ ኢሉ ትዕቢት ምስፍልጠት ከምእትሓድር ፈሊጡ ቃል ኣምላኽ ሒዙ ጅመሮ፡ መዝ ዳዊት 90 (91) " እግርኻ ብእምኒ ከይትዕንቀፍ ክሕግዙኻ ንመላእኽቱ ክልእኽልካ" ጽሑፍ'ዩ እሞ ወዲ ኣምላኽ እንተ'ኾይንካበዚ ጽደፍ በሎ ጎይታ ኽኣ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ" ጽሑፍ'ዩ!በሎ።

ዘለናዮ ግዜ ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ብጽሑፍ እንፍተነሉ ግዜ እዩ፡ ጎይታና ኽኣ ብኸመይ ከም'ንሰግሮ ንኸርእየና ብጽሑፍ መሊስዎ፡ ንጽሑፍ ብጽሑፍ ክንምልስ ግን ኣፍልጦ የድልየና ንኽንፈልጥ ክኣክንምሃር ግድን'ዩ! ባዕልኻ ኣንቢብካ ዝመስለካ ትርጉም ሂብካ ምኻድ ኦርቶዶክሳዊ ወላውን መጽሓፍቅዱሳዊ ኣይኮነን ን ኣብነት ሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ 2ይ መልእኽቱ 1፡20-21 "ኵሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጉሙ ኻብ ርእሱ ከምዘይኮነ ቅድሚ ኹሉ እዚ ፍለጡ። ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።"ዝኾነ ክልውጦ ከምዘይክእል ገሊጹልና ኣሎ፡ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ኽኣ ዝፈልጥዎ ዘይብሎም መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞም ገለ ሽጉራት ኣጋይሽ እንተረኺቡ ዝዛወሩ ኣይቁጸሩን'ዮም! ወላውን ዘይክርስቲያን ክንሶም ብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝዛረቡ ኣለዉ እቲ ድኹም ክኣ ክሳብ ዝሓልፈልካ ከም መሰጋገሪ ክጥቀም ይኣቱ'ሞ መውጽኢ ይስእን፡ ከምሳዕቢኑ ኽኣ ሕሉፋት መናፍቓን ኮይኖም ወሊዶም ደቆም ከየጠመቑ ይነብሩ ኣለዉ፡ እቶም ዝወለድዎም ኣብ ውላድ እንተ በጺሖም ክኣ ኣብ ክሕደት ክእቶ'ዩ ማለት'ዩ፡ ዲያብሎስ ንዓና ንምስሓት ኣይዓርፍን'ዩ! ኣብዚ ሕጂ ኽኣ ከፊኡ ዘሎ ኩሉ መምህር ኮይኑ ዝኸፈትካዮ መራኸቢ ብፍላይ ፌስቡክ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ብዝብል ዘዝመስሎም ትምህርቲ ቃል ኣምልኽ የሕልፉ፡ ኣብ ትሕዝቶ ብዙሕ ኣይግደሱን ብ ሰብ ኣድናቖት ንኽረኽቡ ግን ብዙሕ ይጽዕሩ! ጌጋ ርኢኻ ንኽእረሙ ምስእትሕብሮም ውርደት ይስዕበካ፡ ህዝቢ ኽኣ ኣብ ፌስቡክ ዝኣመሰሉ ብዙሕ ስለዘተኩር መን'ዩ ብዙሕ ከየስተውዓሉ ስለ ዝቕበልዎ ድሕሪኡ ዝሰምዕዉ ወላውን ነቲ ግሁድ ሓቂ ተጣራጠርቲ ይኾኑ! ናይዚ ኹሉ ጠንቂ ኽኣ ዘይምፍላጥን ንኽትፈልጥ ኢልካ ኣብዘይፈልጡ ምውካስን'ዩ፡ ንኣብነት ኣብ ግዜ ቅዳሴ ቅድሚ ዲያቆን ተንስኡ ለጸሎት ኢሎም/ን እግዚኦ ተሳሃለነ ቅድሚ ካህን ካህን ሰላም ለክሉኩም ኢሎም መስለ መንፈስከ ዝብሉ/ላ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ካብቲ ልሙድ'ዩ፡ ሰገዱ ተባሂሉ ሰጊዶም ዘዕልሉ ካብ ኣገልገልቲ ትሰምዕ፡ ሰራዊተ መላእክቲሁ ክብሃል እንከሎ ኣብዘለኽሞ ቑምኩም ተሰጥኦ ተቐበሉ ኣይትስገዱ እናተባህለ ብ ደቂ ኣንስትዮ ኪሊያላይሶን ይመስል፡ እዚ ኽኣ ሙሉእ ትምህርቲ ካብዘይ ምምሃር ዝመጸ'ዩ፡ እቲ ገለ ኣብ ገዛ ኮንካ ቅዳሴ ኣብ እትሰምዓሉ ግዜ ስለ እትደግሞ ዝተለምደ'ዩ ግን ትጋገ/ዩ ኣለኻ/ኺ ምስዝብሉኻ ምስዘይ ትምለስ ግን ጸየቒ ኢኻ/ኺ ጸያቒ እንተ ኾንካ ኽኣ እንተዘይተኻፈልካ/ኪ ይሓይሽ። ኣብ ቤተ ክርስትያን ኩሉ ስርዓት ሓቲትና ክንፈልጦን ካብቲ እንርእዮ በቶም ዓበይትን ፈላጣትን ዝግበሩ ምንቅስቓሳትን ከነስተውዕሎን ግቡእና'ዩ! ከምኡውን ቀቓል ኣምላኽ ንዝምህሩ ኢምስትውዓል ከነለልዮም ይግብኣና'ዩ! ኩሉ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ዝጠቅስ ቅዱስ ማለት ከምዘይኮነ ዲያብሎስ ካብ ዝጠቐሶ ክንርዳእ ንኽእል ኢና፡ ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም ከምዝበለና ግን ፍሪኦም እንተተመልከትና ጽቡቕ'ዩ!!

**3ይ-ህርፋን ስልጣን-** ቁዱስ መጽሓፍና ከምዝሕብረና እቲ ፈታኒ "ኣብ በሪኽ ኣውጺኡ መንግስታት ኩላ ዓለምን ስልጣናተንን ኣርኣዮ" ክቡራት ምእመናን ሓይሊ ሰይጣን ኩሉ ሓሶትን ምትሐትን እዩ!

ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ኸኣ ዘይተገብረ ዳርጋ የሎን ብትእምርቲ ካብታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዝወደቑ ብዙሓት እዮም! እቲ መስሓቲ ኸኣ ደፋርን ሓሳውን መዳናገርን ስለ ዝኾነ ምስመን ከምዘሎ ከይፈለጠ ወሃብን ከላእን ኮይኑ! እዞም ኣብ መገድና ዝገጥሙና መስሓቲ ኸኣ ከምኡ ደፋራት ስለ ዝኾኑ መዋእሎም ኣብ ቤተክርስቲያን ዘሕለፉ ኣቦታት ካህናት እናርኣይዎም ቃል ኣምላኽ ከስምዓካ ይብልዎም! ቁሩብ መእተዊ እንተረኺቦም ክኣ ኣብቲ ዝብልዎም እንተስዒቦም ናይ ገንዘብ በረኸት ከምዘሎ ቃል ይኣትዉ እዚ ኸኣ ብኸመይ ከምእነሰንፎ ብግልጺ ጎይታ ምሂሩና'ዩ!! እቲ መስሓቲ ኣርእዩ ሱቕ ኣይበለን በሎ። ጎይታ ኸኣ " ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ንበይኑ ስገድ! ንዕኡ ጥራሕ ኣገልግል ጽሑፍ'ዩ ካባይ ርሓቕ ሰይጣን" ምስበሎ ከም ትኪ በኒኑ ጠፍአ መላእኽቲ ሰማይ ክኣ መጺኦም ኣገልገልዎ!! ኣብዚ ግዜና እዚ ብኸመይ ይሰርሕ ኣሎ ኣብዚ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ምስ ኣተና ዝጓየዩልና እቶም መስሓትቲ እዮም መኽንያቱ ከይሰርሑ ዝነብሩሉ ኣታዊታት ኣለዎም! እቲ ኣማኒ ግን ሰሪሑ ብርሃጹ ስለዝነብር ግዜ ክህልዎ ኣይክእልን! ብፍላይ ኣብ ካምፕታት ኣጋይሽ ገና ዝፈልጥዎ ዘይብሎም እንከለዉ ስለዝረኽብዎም ፍቓድ ከነውሀበካ ንኽእል ኢና፡ ውጻእ ተባሂልካ ክሰጉኻ እንተደለዩውን ግዚያዊ መዕረፊ ኣሎና ናብዝሕሽካ ክንሰደካ ኢና፡ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ እትደልዩ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡ ብማለት ነቲ ዘለካ ሽግር ሓጋዚ ዝመስል ናይ ተስፋ ቃላት የስምዑኻ፡እዚ ኸኣ ከምቲ "ፍግም ኢልካ እንተ ሰገድካለይ እዚ ኩሉ ንዓይ ተዋሂቡ'ዩ እሞ ንዓኻ ክህበካየ" ዝበሎ ኣብቲ ናቶም በገዲ እንተ ዘይኣቲኻ ክትረኽቦ ኣይትኽእልን ኢኻ! ሃይማኖትካ እንተ ለወጥካውን እቲ ዘስምዑኻ ተስፋ ዝረኽብዎ ውሑዳት'ዮም።

እቲ ኣቦታት ዘውረሱኻ ድልድል ኣይተፍርስ ትብል ጽንዓት እትህብ ቃል ሒዞም ኣብታ ቅንዕቲ ሃይማኖቶም ዝጸንዑ ኣመንቲ ከምቲ ጎይታ ምስ ሰዓረ መልኣኽቲ ዘገልገልዎ ከምኡ መልኣኽቲ ንኣገልግሎቶም ድሉዋት'ዮም!! ከምቲ መዝ 34 መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብዙርያ እቶም ዝፈርህዎ ይሰፍር የናግፎም ክኣ" ከምዝብለና ። ከም ውጽኢቱ ኸአ ኣብ መንጎ ኣማንን መናፍቕን ዘሎ ፍልልይ ንመልከት! ኣማኒ ፈተና ኽበዝሖ ግድን ምኳኑ ግልጺ እዩ! ሰብ ክኣ በቲ ዝጥዕሞ ኣይኮነን ዝፍተን!!

እዚ ጾመ ኣርብዓ/ዓብዪ ጾም/ሁዳዴ እናተባህለ ዝጽዋዕ ጾምና ቀዳምን ሰንበትን ብድምር 15 መዓልታት ከይቆጸርና ን 40 መዓልትን ለይትን እንጸሞሉ፡ ጎይታ ዝጸሞሉ ጾም ስለዝኾነ ዓብዪ ጾም ተባሂሉ ዝጽውዓሉ፡ ካብ ዓቢ ናይ ሕርሻ ቦታ (ሁዳዴ) ብዙሕ ምህርቲ ከምዝሕፈስ ብዙሕ ዓስቢ ቅድስና እንረኽበሉ ከምኳኑ ተኣማሚና እንጸሞ ጾም ቅዱስ መንፈሱ ከውርደልና እና ለመና ከምቲ ኣብ ማርቆስ 9፡29 ተጻሒፉልና ዘሎ ብጸሎትን ብጾምን ንኹሉ ከምእንስዕሮ ብዘይ ሕሱን ዘይልወጥን ቃሉ ሓቢሩናዩ !! " ካብ ጾም ብዘይ ጸሎት ጸሎት ብዘይ ጾም ይሓይሽ" ይብሉ ቅዱሳት ኣቦታት ብፍላይ ክኣ ብጸሎት ንበርትዕ!!

ጾምና ብሰላም የፈጽመና!

ወስብሐት ለ እግዚኣብሔር ወለወለወዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር።

